# 12 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
18.06.2009

9 ተመሃሮን 3 ኣባላት ክፍለ-ሰራዊት 16 ዝኾኑ ወተሃደራትን ዝርከብዎም 12 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ስሙ ክዕቀበሉ ዝሓተተና ሓደ ካብ'ቶም 9 ተመሃሮ፡ ሳልሳይ ርእሱ ኰይኑ፡ ካብ መንደፈራ ከምእተበገሱን፣ ዶብ ክሰግሩ ከለዉ ብሰራዊት ስርዓት ኤርትራ ብዝተተኰሰሎም ጠያይቲ እቶም 2 ብጾቱ ተወጊኦም ከምዝተረፉን፤ ብህይወት ይሃልዉ ኣይሃልዉ ድማ ዝፈልጦ ከምዘይብሉን ንምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ።

እቶም ተወጊኦም ዝተረፉ ድማ ሃብቶም ተወልደ ካብ መንደፈራ፣ ኣንዋር መሓመድ ካብ ዓዲ ኳላ ምኳኖም ተፈሊጡ ኣሎ።